
# ኣብ ቀብሪ ሊቅ ጳውሎስ ተስፋዝጊ ዝተገብረ መልቀስ።



*ሓው ጳውሎስ ተስፋዝጊ ፡ ኣብ ሰሳሕ / እንጋንእ ተወሊዱ። ኣብ ካቶሊክ ሚስዮን ከረን ዓብዩ። ኣብ ሳንታ ፋሚልያ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ፡ ፍልስፍናን ስነመለኮትን * Philosophy & Theology * ድሕሪ ምምሃሩ፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ከለን፡ ትምህርቲ ምሕበራዊ ሳይንስ ወዲኡ ። ኣብ ሃገረ ጀርመን ነዊሕ ዓመታት ከም ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ኮይኑ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሓጺር እዋን ሓሚሙ ብዕለት 14.09.2017 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ዓሪፉ ተቐቢሩ። ጳውሎስ ፡ ሓሙሽተ ናይ እውሮፓን፡ ሰለስተ ናይ ቅርኒ ኣፍሪቃን ቋንቋታት መሊኹ ዝፈልጥ ሊቅ ኮይኑ ፡ ብዙሓት ሕታማትን መጻሕፍትን ኣበርኪቱ ።*

# መልቀስ

ክንዲ ኣብ ጎልጎል ዓላ ጉያ !

ክንዲ ኣብ ጎልጎል መጋርሕ ጉያ !

ክንዲ ኣብ ጎልጎል ሰምበል ጉያ !

ክንዲ ኣብ ጎልጎል ባርካ ጉያ !

ንሞትስ እዚ ኩሉ ታህዋኽ ጉያ ጉያ !!

ንሕልፈትስ ! እዚ ኩሉ ዘብዘብ ጉያ ጉያ !!

ቶባ ድሕሪ ደጊም ፡ ዓለም ጸሊእናያ !!

ለካ ሕይወትስ፡ ቋሕ ሰም እያ።

እዛ ስድራ ተዘሚታ

ጓል ሃንስ ተዘሚታ

እንዳ ተስፋዝጊ ተዘሚታ

ሰሳሕ ዓላ ተዘሚታ

ኣርትርያ ድፍን ተዘሚታ

ሊቀ ሊቃውንቲ ሰፊሩ ኣብ ባይታ ።

ሓላል ኢኻ ፡ እዱብ መልሓሱ

ዕጉስ ኢኻ ፡ ቀላይ ከርሱ

ኩሉ ክኢሉ ፡ ዝሓድር ተተርኢሱ

ንብዓቱ ንውሽጢ፡ ዘይርኣ ፈሲሱ።

ሰንሰለት ኢ'ኻ ፣ንኩሉ ዝጠመረ

ማእዶ ቤተሰብ ፣ኣሕቢሩ ዝዓተረ

ስግንጢር ዝጸልእ ፣ ተር ከም ዓተረ

ሓዋዋሲ ኩሉ ፣ ሃገር ብሃገረ

በዓል ስፈሕ ልቦና፡ በሊሕ ኣእምረ

ናይ ካህንን ዓለምን ፣ ደሪቡ ዝተማህረ።

ትርጁማን ጀርመን ፣ ንቃውሎስ ሕተቱ

ትርጁማን ፈረንሳ ፣ ንቃውሎስ ሕተቱ

ትርጁማን እንግሊዝ ፣ ንቃውሎስ ሕተቱ

ትርጁማን ጣልያን ፣ ንቃውሎስ ሕተቱ

ቱርጁማን ኣምሓራ ፣ ንቃውሎስ ሕተቱ

ቱርጁማን ግእዝን-ላቲንን፡ ንቃውሎስ ሕተቱ

ኣየ ዓለም ክንቱ !!

እዚ ኩሉ ፍልጠትስ !! ኣብ ጉድጓድ ክኣቱ !!

ሊቀመዛምራን ኢ'ኻ ፣ ሰፊሕ ኣእምሮ

ድምፀ ያሬድ ፣ ጥዑመ- ልሳን ዘተፈጥሮ

ዜማ-ፋሲካ ኣስመዓና፡ ለሰይጣን ኣሰሮ

ብጀካኻ ዘይምዕርግ ፣ ናይ ቤተ'ኽስያን ከበሮ ።

እዛ ሞት፡ እንታይ ክንብላ

ሓመድ ትፈቱ፡ ክንዲ ኣንሶላ

ዘይትፈሊ ፣ ሊቅን ቐሺን ኢላ

ዘይትምሕር ፣ ንሓራስ ንናጽላ

ሓደኳ ዘይተናሕሲ ፣ ፈውሲ ማሕላ

ስጋ'ኻስ ፣ ሓመድ መበቆላ

ነፍስ'ኻ ግን ፣ ኣምላኽ ይቀበላ።

ውሉደ ክህነት ኢኻሞ፡ ኣባጅጎ ይቀበለልና

ኣገልጋሊ ኢኻሞ ፡ ዓስብኻ ይሃበልና

ሓቀኛ ኢኻሞ ፡ ምስ ጻድቃን ይጸንብረልና

ንኩሎም ስድራኻ ፡ ደበሳ እዮብ ይደብሰልና።

ፍቕርን ስኒትን ይሃበና !

ሃገርና ሰላም የውርደልና !

ሕሰምና ይኣክል ይበለልና !

ሃገር ናይ ኩላትና ይግበረልና !

ሓሳድና ሓንሳብ፡ ንሓዋሩ የጥፍኣልና !

ነዚ ክንገብር ኣምላኽ ይሓግዘና !

ፍቅርን ስኒትን የውርደልና።

ኢንጅ. ገ. ገ. መስቀል
ሽቱትጋርት / ጀርመን ።